ሓዋርያዊ ምብጻሕ

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ኣብ ኤጳርቅና ከረን

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዘመንበረ ኣሥመራ፡ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነማርያም የዕብዮ ጳጳስ ዘመንበረ ከረን ብዝገበሩሎም ዕድመ መሠረት፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ-ሰንበት 27ን 28ን ለካቲት 2016 ዓ.ም ኣብ ኤጳርቅና ከረን ሓዋርያዊ ምብጻሕ ፈጺሞም። ብፁዕ ሊቀጳጳስ ቀዳም ቅድሚ ቀትሪ ሰዓት 10:00 ከተማ ከረን ኣብ ዝኣተውሉ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ ምስ ካህናትን ምእመናንን ኣብ ቅድሚ ቤተክርስቲያን ርእሰ ኣድባራት ቅዱስ ሚካኤል ዘሎ ቅርዓት ብምጽባይ፡ ውዕዉዕ ኣቐባብላ ገይሮምሎም። ቀጺሎም ኣብ ቤተክርስቲያን ኣትዮም ጸሎት ኪዳን ዘነግህ ብሓባር ኣብጽሑ፡፡ ኣስዒቦም ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነማርያም ናይ እንቓዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ኣስምዑ፡ ብፁዕ ሊቀጳጳስ'ውን ንሕዝቢ ብዝተገብረሎም ድሙቕ ኣቐባብላ ብልቢ ኣመስጊኖም።

ብድሕሪ እዚ ናይ ተቕባል ስነስርዓት ኣብ ኣዳራሽ መንበረ ጵጵስና ምስ ቤተክህነት ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ቤተክርስቲያንና ካብ 19 ጥሪ 2015 ዓ.ም ጀሚራ፡ ብወግዒ ርእሰ ምሕድርቲ ኮይና ምህላዋ፡ እዚ ከኣ ውጽኢት ጻዕሪ ናይ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ምኻኑ፡ እዚ ዝረኸብናዮ ክብሪ ግና ብዝያዳ ብሓላፍነት ክንሰርሕ ክሓተና ኢዩ። ብርግጽ ከም ቤተክርስቲያና ዝተዓደለ የልቦን፡ ዓቢይ ታሪኽን ትውፊትን፡ ብዝሒ ጸዋዕታ ካህናትን ውፉይ ሕይወትን ኣለዋ። ብሓባር እንሰርሓሉ ተቅዋማት'ውን ሐደ ዓቢይ ዘርኣክህነት፡ ሐደ ሃገራዊ ቤትጽሕፈት፡ ሐደ ተቅዋም ፍልስፍናን ተሎግያን ኣሎና። ከምኡ'ውን ጉባኤ ጳጳሳት ብወግዒ ቆይሙ ኣሎ። ናይ ሓባር ሕጊ ዘውጽእ ኮሚቴ፡ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ምእመናን'ውን ቆይሙ ኣሎ ኢሎም። ንኣገባብ ስብከተወንጌል ኣመልክቶም'ውን ብፁዕ ሊቀጳጳስ ቃል ኣምላኽ ኣብ ምብሳር ኮነ ትምህርተ ክርስቶስ ኣብ ምምሃር፡ ካብ ንዝነበረ ከም ዘለዎ ጥራሕ ምዕቃብ (Maintenance) ናብ ተልእኮ (Mission) ዝብል ዕላማ ክንሰግር የድሊ ኢሎም። ድሕሪ እዚ ሓፈሻዊ መግለጺ ከኣ ካብ ካህናት ንዝቐረበሎም ዝተፈላለየ ሕቶታት መብርሂ ሂቦም፡ ናይቲ ረፍዲ መደብ ተፈጺሙ።

ሰንበት ብብፁዕ ኣቡነ ኪዳነማርያም የዕብዮን ሓያሎ ለባስያን ካህናትን ተሰንዮም መስዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ዘዕረግሉ ከኣ ኣብ ስብከቶም ካብ ወንጌል ማቴዎስ ምዕራፍ 18 ብዛዕባ ምሕረት ኣምላኽ ኣመልኪቶም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ርሕሩሕ፡ መሐሪ ስለዝኾነ፡ ነታ ዝጠፍኤት በጊዕ ድሕሪ ክንደይ ጻዕርን ድኻምን ምስ ረኸባ ይሕጎስ፡ ንሕና ኢና ተስፋ እንቆርጽ እምበር እግዚኣብሔር ክምሕረና ተስፋ ኣይቆርጽን ኢዩ፡ ወትሩ ይምሕረና፡ ንሕና ከኣ ንሓውና ወላውን ኣንተብደለና ኣይንጨክነሉ፡ በደል ሓውና ክንሓድግ ክንምሕር ይግባእ ዝብል ትሕዝቶ ዝነበሮ ስብከት ኣስሚያም።

ድሕሪ ቁርሲ ኣብ ኣዳራሽ ኣብ ዝተኻየደ መደብ ከኣ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ ሓጺር መግለጺ ምስ ሃቡ፡ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ብወገኖም እንቓዕ ገጽ ንገጽ ኣረኣኤየና ቢሎም፡ ብፍቓድ ኣምላኽን ብሳላ ጸሎትን ጻዕርን ሰበኻታትናን ቤተክርስቲያንና በጺሓቶ ዘላ ደረጃን፡ ከምኡውን ዕላማ ሓዋርያዊ ምብጽሖም ከምቲ ተልእኮ ቤተክርስቲያን ንምትሕብባርን ብሓባር ንምጉዓዝን ምኳኑ ንኣባላት ቤት ምኽሪ ምእመናን ገሊጾም። ብዛዕባ እቲ ኣብ ሮማ ዝተካየደ ሲኖዶስ ጳጳሳት ብዛዕባ ስድራቤት'ውን ኣሕጽር ኣቢሎም ንኣገባቡ፡ ትሕዝቶኡን ውጽኢቱን ዝምልከት መግለጺ ሂቦም።ኣብዚ'ውን ንሕቶታት ተሳተፍቲ መሊሶም። ብተወሳኺ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣብዘን ናይ ክልተ መዓልታት ሓዋርያዊ ምብጽሖም ኣብ ከተማ ከረን ንዝርከባ ኣድባራትን ማሕበራትን'ውን ኣብ ቦቦታኤን ብምኻድ በጺሖም ሃለዋተን ሓቲቶም፡ ቃል ምትብባዕን ቡራኬን ሂቦም። በዚ ከኣ ሓዋርያዊ መደቦም ፈጺሞም ሰንበት ድሕሪ ቀትሪ ናብ መንበሮም ተመሊሶም።

ይትባረኽ ኢየሱስ ክርስቶስ!!

(ግርማይ ኣስፍሃ)